# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.43 | ሓሙስ 20 ጥቅምቲ 2022 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሓረስታይን ወቕቲ ቀውዒን!




ገጽ 3
"ብውሑድ ኣስቤዛ፡ ልዕሊ ሓደ ዓይነት መግቢ. . ."



ገጽ 4
"ተቐባልነት 'እንዱዝማም' ኣብ ህዝቢ፡ ልዕሊ. . ."



ገጽ 5
ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን




ገጽ 7
ጉባኤ ሃገራውያን ፈደረሽናት ስፖርት ይቕጽል




# ኣብ ምእካብ ኣከባቢያዊ ሓበሬታ ዝሕግዝ ዓውደ-መጽናዕቲ ተቓኒዑ




ሚኒስትሪ መሬት፡ማይን ኣከባብን፡ምስ ትካል ኣህጉራዊ ምክትታል ኣከባብን ድሕነትን ኣፍሪቃን ዞባዊ ማእከል ምድላው ሓበሬታ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ንምህናጽ ብምትሕብባር፡ ኣብ ምክትታልን ገምጋምን ኩነታት ኣከቢ ዘተኮረ ዓውደ-መጽናዕቲ፡ ብ18ን 19ን ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ኣካይዱ።

እዚ ወከልቲ፡ መሻርኽቲ ሚኒስትሪታት፡ ትካላትን ማሕበራትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-መጽናዕቲ፡ ብደረጃ ሃገር ናይ ዝካየድ ንጥፈታት ጸጺይ ሓበሬታ ንምእካብን ዘሎ ብድሆታት ንምፍዋስን ዝሕግዝ ሓሳባት ንምምኽኻውን ናይ ሓባር መረዳእታ ንምፍጣርን ዝዓለመ እዩ።

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ኣብ ዝኸፈቶ ጉባኤ፡ ሃገራዊ ፖሊስን ዓማውን ቁጽጽር ኣከባብያዊ ውሕስነት ኣብ ግምት ዘእተወ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ንምዕቃብ፡ ንትግባሩ ተበጊሱ ዘሎ ቀንዲ ወጥን ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ንምትግባርን ዝሕግዝ - መደብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዜጋታት ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ዝእከብ ሓበሬታ ብምዃኖም ኣብ ዕቃበን ድሕነትን ኣከቢ ተራኦም ክጻወቱ ኣተሓሳሰበ።

ኣከባብያዊ ጸጋታት ዝለዓለ ጠመተ ዝወሃቦ ዕዮ ምዃኑ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ኣብ ቁጽጽር ኣከባብያዊ ውሕስነት ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ስራሕ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ጥምረት ስለዘድልዮ፡ እዋናዊ ሓበሬታታት ብምልውዋጥ ብውህደት ክሰርሑ ከም ዘለዎም ትእዛዝ ገሊጹ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ዓውደ-መጽናዕቲ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ሓላፊ ጨንፈር ኣከባብያዊ ሓበሬታን ገምጋምን ኣቶ ኣማን ሳልሕ ድማ፡ እቲ ዕላማ ነቲ ኣብ ኣከባብያዊ ሓበሬታ ዘሎና ሃጻፍቲ ብምልላይ፡ ጸጺይ ሓበሬታ ንምእካብ ዝሕግዝ ዝተፈላለየ ናውቲ ቴክኖሎጂ ብምውዳድን ቀጻሊ ትኹረት ብምሃብን ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብሓባር ንምስራሕ ዝዓለመ መደብ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

ኤርትራ ንእትርከቦም 14 ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝሓቍፍ - ብሕብረት ኣፍሪቃ ዝምእከል ዞባዊ ማእከል ምድላው ሓበሬታ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ንምህናጽ (RCMRD) ወኪሎም ዝመጹ ሚስተር ስቴፈን ሳንደን ሚስተር ቴዲ ምዋንጊን ንኤርትራ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ቀንዲ ዕዮ ናይ'ቲ ማእከል፡ ቴክኖሎጂካዊ ምህዞ ብምጥቃም ኣከባብያዊ ብድሆታትን ጸገማትን ንምፍታሕ ዝሕግዝ ሓበሬታ ዝእከቡ መሻርኽቲ ንምልላይ ከም ዝኾነ ገሊጾም።

ዞባዊ ማእከል ምድላው ሓበሬታ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ንምህናጽ፡ ንኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ጅቡቲ፡ ኮሞሮስ፡ ማዳጋስካር፡ ታንዛንያ፡ ኬንያ፡ ማውሪሽስ፡ ርዋንዳ፡ ሲሸልስ፡ ሶማልያ፡ ደቡብ ሱዳንን ኡጋንዳን ይጠርንፍ።

# "ኩሎም ቆልዑ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክምዝረኽቡ ንምግባር ብዕቱብ ይስራሓሉ ኣሎ" ሚ/ትምህርቲ



ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኩሎም ቆልዑ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክምዝረኽቡ ንምግባርን ብቐዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽን ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ሚኒስትሪ ሓላፊ ጨንፈር ምክትታልን ምርግጋጽን ብቕዓት ትምህርቲ ኣቶ ኣብርሃም ተኽሉ፡ እቲ ጨንፈር ዝበን ቀንዲ ዕላማታት ንምስማር፡ ብደረጃ ሃገር፡ ዞባ፡ ንኡስ ዞባን ቤት-ትምህርትን ተወዲቡ ከምዝሰርሕ፣ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝጥፉ ልዕሊ 350 ሱፐርቫይዘራት ከምዝለዉ ሓቢሩ።

እቲ ብቕዓት ትምህርቲ ናይ ምክትታልን ምርግጋጽን ሰራሓት፡ ንኣብያተ-ትምህርቲ ዝገልግል መምርሒታትን ሕጋጋትን ምድላውን ምዝርጋሕን፣ ምክትታል ትግባረ ፖሊሲታት፡ መምርሒታትን ሕጋጋትን፣ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ መጽናዕቲታት ምክያድ፣ ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምዕባይን ዓይነት ትምህርቲ ንምምሕያሽን ዝሕግዙ መደባት ምትእትታው፣ ከምኡ'ውን ንመማህራን፡ ሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርትን ሱፐርቫይዘራትን ስልጠናታት ምውዳብ ከምዝጠቓልል ኣረዲኡ።

እቲ ቀንድን ቀጻልን ስራሕ፡ በዩም ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝርከቡ ሱፐርቫይዘራት ከምዝካየድ ጠቒሱ ድማ፡ ትግባረ ሃገራዊ ካርክለምን መምርሒታትን ከምዝኽታተሉ፣ ከምኡ'ውን ንሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርትን መማህራንን ደገፍን ሞያዊ ምኽርን ከምዝህብሉ ገሊጹ።

ኣቶ ኣብርሃም፡ ትግባረ ናይ ትምህርቲ ካላንደር ምድላው፡ ምዝርጋሕን ምክትታልን፣ ከምኡ'ውን ኩሉ-መዳያዊ ምድላዋት ምክትታል እቶም ዓመታዊ ዝትግበሩ መደባት ምዃናም ብምሕባር፡ ብዘወጽአ ካላንደር መሰረት፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ከበሳታት - ዕለት 19 መስከረም፣ ኣብ ቆላታት ድማ ዕለት 26 መስከረም ስሩዕ ትምህርቲ ከምእተጀመረ ኣፍሊጡ።

# "ጀኖሳይድ"- ከም ጥበብ ፖለቲካን ፕሮፓጋንዳን

"ህልቂት ህዝቢ genocide፡ ምጽናት ዓሌት ethnic-cleansing፡ ገበናት ኲናት war crimes፡ ገበናት ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነት crimes against humanity፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል human rights violation፡ ባርነት slavery፡ ንግዲ ደቂ-ሰብ human trafficking ወዘተ. ዝብሉ ኣምራት፡ ኣብ ምድረ ኣመሪካን ኤውሮጳን ካልእን ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ዝወረደ በደል ንምግላጽ ዝተዋህቡ ኣስማት ኮይኖም፡ ንኣፍሪቃውያን ምስ ባህሎምን ታሪኾምን ዘይከዱ ጓና ኣምራት እዮም።

ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት፡ ቀዳሞት ኤውሮጳውያን ሰፋሮ ምድረ ኣመሪካ ካናዳን፡ ሰፊሕ መሬት ንምግባት፡ ደይ መደይ ኢሎም ንግሊያናት ሰቡርስቲ ብኲናትን ዝተፈላለዩ ክፍኣትን፡ እንተላይ ቫይረስ ዝቡዳዶ ዘለዎ ከቦርታ ብሓገዝ እናዒደሉን ሕማም ሸሮኽ እናላበዉን ህዝቢ ዘይካ ብዙሓት ዓሌታት ኣህዛብ እየም ኣጽኒቶም። ካብ ኣፍሪቃ ገዳፍ ንምውሳድ ዝፍጸምዎ ዝበሩ ግፍዒን በደልን ድማ መዳርግቲ ኣይርከቦን። ኣብ ቀረባ ታሪኽ ምስ እንመጽእ፡ ናዚ ጀርመን ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝፈጸሞ ጭፍጨፋ፣ ከምኡ'ውን ኣብ 2ይ ውግእ ዓለም፡ ኣመሪካ ንሰላማዊ ህዝቢ ጃፓን ብኣቶሚክ ቦምብ ዘተሳህሉዮ መስከሕ ፍጻመታት ከም ኣብነት ክንጠቅስ ንኽእል።

ሎሚ፡ እዚ ኣብ ምድረ ኣመሪካን ኤውሮጳን ዝተፈጸመ ዘሕፍር ታሪኽ ዝገልጹ ኣስማት ዓበይቲ ገበናት፡ ኣብ ዘይቦታኦ፡ ኣብ ዘይዳረጎን ዘይመሳስሎን ንኣሸቱ ተርእዮታት እናተጠቐምሉ፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ብምሽቃል፡ ንፖለቲካዊ ዕላማ ዘገልግል ውሳኔታት ምሕላፍ፡ ናብ ጥበብ ፖለቲካን ፕሮፓጋንዳን ተቐይሩ ይርከብ።

ኣብ 2005፡ ወያነ "ቅንጅት" ዝተባህለ እቲ ጃንዳ ኣብ ዝሰደሞ "ትያትር-ምርጫ" ዝተሳተፈ ፖለቲካዊ ጉጅለን ተዋጠሮም፡ ናዕቢ ተላዒሉ፡ ሰራዊት ወያነ ሰላማውያን ሰባት ምስ ቀተለ፣ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ፡ ንመራሕቲ ቅንጅት፡ ብገበን "ውጥን ህልቂት" (planning genocide) ከሲሱ ኣብ ቀይዲ ከምዘእተዎም ይዝከር። ባዕልኻ ሰባት ቀቲልካ፡ "ስልጣነይ መዝረያም ጀኖሳይድ ክፍጽሙ ሓሲቦም ነይሮም" ኢልካ ምኽሳስ ኣብ ግዜኡ ንበዙሓት ዘርመመ ስልቦጣ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፣ እቲ 'ጀኖሳይድ' ዝብል ኣምር፡ ክሳብ ክንደይ መጋበርያ ፖለቲካዊ ዕላማታት ኮይኑ ከምዝለ ዘርኢ ጭቡጥ ኣብነት እዩ።

ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ፡ GETFACTet ዝተባህለ ጉጅለ መርመርቲን ተንተንቲን ዳታ ማሕበራዊ ሚድያ፡ "#ህልቂት ትግራይ" (#TigrayGenocide) ዝብል ሕላገት ተወቒጡ፡ ኣእዛን ማሕበረሰብ ዓለም ዘደንቆረ ብርቱዕ ኣውያት፡ ኣብ ትግራይ ዝበረ ሰሜናዊ እዚ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ክሕደትን ጭካነን ኣብ ገዛእ ሃገሩ ብደቂቓት ተሓሪዱ ከቢቑ ጌና ናብ ግብረ-መልሲ ከይተሰጋገረ ብ3-4 ሕዳር 2020 ከምዝጀመረ ምቕልዑ ኣይርሳዕን። ከሎ ጌና ማሕበረሰብ ዓለም ንምድንጋር ዘንቀደ ዘመተ ቀድመኽስተት።

ወያነ ንሓልሳይ ግዜ ባዕሉ ብዘወልዖ ሓዊ ተለብለበ፡ ኣብ ሳንዱቕ ሬሳኡ ናይ መጨረሽታ መሳምር ኣብ ዝርቕዓሉ ዘሎ ኣብዚ ቅንያትዚ ድማ፡ ጎይቶቱን ኣማለድቱን ብ"ተኽእሎ ጀኖሳይድ" ንማሕበረሰብ ዓለም ከሻቕሉ ኣበርቲዖም ይወጭጨ ኣለዉ። እንተኾነ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ኩነታት ሰወር ደሊታቶም ሕርሕራይ ገይሩ ስለዘቃልዖ፡ ዘመተኦም ካብ ሓልዮት ህዝቢ ዝበገሰ ኢሉ ዝሓስብ በዚሑ የለን። ሓልዮት ህዝቢ እንተዝህልዎም፡ ነቲ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም፡ ሰላማዊ ህዝቢ ጅሆ ሒዙ መንእሰያትን ቆልዑን ግዳይ ክዝበር ዝጸንሐ ገበኛ ጉጅለ ምኾንኑ።

ኣብ መጨረሽታ ሓደ ዘይክሓድ ሓቂ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይ ኣካል ህዝቢ ኢትዮጵያ'ዩ። ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያን ሰራዊት ኢትዮጵያን ንላዕሊ "ንህዝቢ ትግራይ ይሓልየሉ'የ" ዝብል እንተሎ፡ ጨለዋትን ምውርዛይን እምበር ካልእ መግለጺ ክወሃቦ ኣይክእልን።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

ሻባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን

ናይ ሓደ መጽሓፍ ትሕዝቶ፡ ብዘሰንቐካ ፍልጠት ጥራይ ኣይኮነን ዝዕቀን፡ ክሳብ ክንዲ ምንታይ ክትሓስብ ደሪኹካ'ዩ ኣውራ ኣገዳስነቱ። ብቻርለስ ሃንዲ ዝብሃል ጸሓፋይ ዝተጻሕፈት "ዘ ኤጅ ኦፍ ኣን ሪዝን" ትብል መጽሓፍ ከንብብ ቀንየ። ብሓፈሻ እታ መጽሓፍ ኣብዛ ተለዋዋጢት ዓለም ከም ሰባት ብቐዓትና ብቐጻሊ ከነረጋግጽ እንታይ ክንገብር ኣለና እተተምብህ እያ።

ብኣበሃህላ ቻርለስ ሃንዲ ምህሮ ብቐጽበት ዝጥረ ጸጋ ኣይኮነን። ምህሮ በቲ ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ንኽልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ጥራይ ዝዕቅን መርመራ ኣይኮነን ዝግለጽ። ምህሮ ማለት ሓንጉልካ ምምጣጥ፡ ናይ ህይወት ልምድኻን ብዛዕባ ነገራት ዘለካ ኣተሓሳስባን መገዲ ዕብየትካን ምቕያር ማለት እዩ። ምህሮ ተመኩሮኻ ብምዝያድ ትብጽሖን ትፍትኖን እዩ። ምህሮ ክትጥሪ ጸዓት፡ ሓሳባት፡ ትብዓትን ደገፍ ገዛእ-ርእስኻን የድልየ። ምህሮ ማለት ነቶም ኣብ ደረጃ ሓሳብ ጥራይ ዝደምቑ ጥሙሕ ዘይብሎም፡ ሓርጒጽጒጽ ሞያኦም ዘይጻወሩ፡ ብእኡ መንጽር ተመኩሮ ዘይድልቡ ምሁራን ኣይውክልን እዩ። ብቐንዱ ምህሮ ማለት ካልኦት ኣቐዲሞም ናይ ዝረኸብዎ ፍታሕ፡ ግድላት ምፍላጥ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ሽግር ገዛእ-ርእስናን ሕብረተ-ሰብናን ምርዳእ፡ ንገዛእ ጥቕምናን ዕላማ ሕብረተ-ሰብናን ምጽዓርን፡ እቲ ፍታሕ ኣካል ህይወትና ምኻኑ ምግንዛብን ማለት እዩ።


ምህሮ ክንዲ ኣገዳስነቱ ዝኸውን ትርጉምን ኣገላልጻን ስለ ዘለዎ ኢና ብዛዕባ ትርጉም ምህሮ ሓደ ሕጥቦ ጽሑፍ ወዲእና። ብቐንዱ ምህሮ ዘገድሰና ቀንዲ ደራኺ ለውጢ ስለ ዝኾነ። ወዲ-ሰብ፡ ብፍላይ መንእሰይ፡ ከም ለውጢ ገይሩ ዝብህን የብሉን። ኩሉ ጻዕርና'ውን ንለውጥን ምምሕያሽን እዩ። ብቐልጣፈን ሰፍሓትን ግን ኣይከም እዋንና። ብፍላይ ሕንባበ ቴክኖሎጂ ዝፈጠሮ፡ ንዓና ንመንእሰያት፤ ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ናብራን ስድራቤትን፡ ኣብ ምጽባብ ጆግራፍያዊ ራሕቅን ግዜን ብዙሕ ነገር ካብ ኣያታትናን ወለድናን ተለዊጡና ኣሎ። ኣብ'ዛ ቀጻሊ ለውጢ ዘውሕጣ ዘሎ ዓለምና ከም ሰብ ክትህሉ፡ ክትማሓየሽ፣ ከም ዜጋ ኩተበርክት ቀጻሊ ክትምሃር፡ ክትሙኮር፡ ክትምዕብል የድልየካ። ምኽንያቱ ዓለምና ሓደን ብሉጽን ዝብሃል መልሲ ስለ ዘየብላ፡ ኣብ ግብራዊ ህይወትን ስራሕን ዘጋጠመካ ተመኩሮ ንምምሕያሽ፡ ንምፍታሕ ኣብ ህይወትን ስራሕን ዝቐሰምካዮ ምህሮ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ዝተወለድካሉ እዋንን ኣብ ስራሕ ዝጸናሕካሉ ዓመትን ብቐጻሊ ሽግር ናይ ምፍታሕ ተመኩሮ እንተ ዘይደሊብካሉ፡ ኣብ ዓንኬል ምህሮ ዝጽብጸብ ኣይኮነን።

ክሩሽ ሒዙ ኣብ ሰሌዳ መጺኡ ዝምህረና መምህር፡ ኩሉ ግዜ የድልየና ድዩ? ኣብ ንኡስ ዕድሜናን ኣካድምያዊ ደረጃና ከነማሓይሽ ኣብ እነካይዶ ጻዕርን ብርግጽ የድልየና እዩ። ዝያዳ ግን ተበግሶና፡ ስራሕና ዝፈጠሮም ብድሆታት እንረኽቦ ተመኩሮታት ክንምሃር ክንሓስብ ምኽእል'ዩ ምህሮ ንብሎ ዘለና። ኣብ ኣካዳሚ ትምህርቲ ዝቐርበልካ ግድላት፡ ድሮ ፍታሕ ዝረኸቡ ግድላት ምዃኖም ዝዓበየ ድርቱነቱ'ዩ። መበገሲ ጽሑፈይ ዝኾነት መጽሓፍ "ዘ ኤጅ ኦፍ ኣን ሪዝን" ግን ምህሮ ህይወት'ምበር ምህሮ ንፋዕ ተማሃራይ ዛዕብኣ ስለ ዘይኮነ ናብታ መጽሓፍ ንመለስ።

ቻርለስ ሃንዲ ንምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን ኣርባዕተ ክፋል ዘለዎ ዓንኬል ወይ ክቢ ገይሩ'ዩ ዝገልጾ። ንምህሮ ከም ዓንኬል ገይርና ንርእየሉ ምኽንያት፡ ምህሮ ኣብ ምንባር ዝኽሰት መዛዘሚ ዘይብሉ፡ ዑደት ቀጻሊ ምውህላል ተመኩሮ ስለ ዝኾነ'ዩ። ከም ሓቂ ግን መብዛሕትና ኣብ ጉዕዞ ህይወት ብቐጻሊ ዘይኩና ንመሃር፡ ኣብ ሓደ ደረጃ ምስ በጻሕና ደውታ ወይ ምዕጋት የጋጥመና እዩ።

እዛ ሕቶ፡ ክልሰ-ሓሳብ፡ ፈተነ፡ ትግባረ ዝትሕዝቶኣ ዓንኬል ምህሮ፡ ኣብ ህጻንነትናን ቍልዕነትናን ጥራይ ዝያዳ ፈጣንን ምሉእ ዑደትን እትገብር። ቀጻሊ ዝመሃሩ ህጻናት ዘልዕልዎም ሕቶታት፡ ክፍትሕዎም ህርድግ ዝብሉ ወጥርታት፡ ካብ ምንቅስቓስ ክሳብ ዓቕሚ ተጻዋርነቶም ዘሎ ድሩትነት ወሲኽካ ዝገጥሞም ብድሆታት ብዙሕ ስለ ዝኾነ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ናይ ህጻንነት ዕድሜና፡ ኣብ ምህሮ ብንጡፍ ንኽደሉ ዕድመ ዝኾነሉ ምኽንያት ናይ ገዛእ-ርእስና ሕቶታት ስለ ዝበዝሑና እዩ። ከባቢና ክንህውስ፡ ቋንቋ ክንመልኽ፡ ቅኑዕን ግጉይን ክንፈሊ፡ ወዘተ. ስለ ዘለና፡ ኣብ ምሁሮ ንጡፋት ንኸውን። ከም'ቲ "ኣድላይነት ኣደ ማህዘንት'ዩ፡ " ዝብሃል፡ ህንጡይነት'ውን ኣደ ርኽበት ማለት እዩ። ክንዲ ሰብ ምስ ኣኸልካ ግን ልዕሊ መልሲ፡ ሕቶ ጥራይ ዝምስጠካ ሰብ ከይትኸውን ትኩር ምዃን የድልየካ።

ኣብ ምህሮ ቀጻሊ ለውጥን ዕብየትን፡ ሕቶ ክትሓት ድሕሪ ምኽኣል፡ መልሲ ዝበልካዮ ክልሰ-ሓሳብ ምፍላጥ'ዩ ዝስዕብ። ክልሰ-ሓሳብ ክብሃል ከሎ ግድን ኣይኮነን ብኣስማት ህቡባት ሰባት ክስኑ። ክልሰ-ሓሳባት ማለት'ኮ ብድሆታት ኣብ ምምላስ ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓሳባት ምምዕባል ማለት'ዩ። ከም ሓቂ'ውን ክልሰ-




ሓሳባት፡ ሕቶ ከነብግስን ከነብስልን እምበር መልሲ ክንረክብ ኣይኮናን ክነልዕሎም ዘለና። ስለዚ ክልሰ-ሓሳባት እኹላት ስለ ዘይኮኑ ክፍተኑ'ዩ ዘለዎም። ኣብ ፈተነ ግን፡ ናይ ሕቶን ክልሰ-ሓሳብን ዓወት ወይ ፍሽለት ይረጋገጽ። ካብ'ዚ ሳልሳይ ክፋል 'ዓንኬል ምህሮ፡' ምፍታን፡ ብፍሽለት ይኹን ብመልሲ ምህሮና እናተደርዐ ይኸይድ። ዝቐሰምናዮ ምህሮ እናኣንጸበረቕና ኸኣ ድልየትና፡ ዕላማና፡ ስራሕና፡ ዘነብረልና ሓላፍነት ከነተግብር ንነጥፍ። ኣብ ህይወትና ዝኽሰት ለውጢ ስለምንታይ ተኸሲቱ ዘይርዳኣና እንተ ኾይኑ፡ ለውጢ ክንዕቅቦ ኣይንኽእልን ኢና። ብሓጺሩ እቲ ቁምነገር ዓወትካ ምጽብጻብ ዘይኮነ፡ ንዓወትካ ቀጻልነት ዝህቦ ስለምንታይ ተዓዊትካ ክትርጉሞ ምፍታንን ክልሰ-ሓሳብ ኣላቢስካ ምግላጽን'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ስነ-ሞጎት ናይ ዓወት፡ እቲ ኣውራ ኣገዳሲ ዝተጓናጸፍካዮ ዓወት ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣድማዕነትካ ክትዕቅብ ዘኽእለካ ተመኩሮ ተገንዚብካዮዶ ኣይተገንዘብካዮን እዩ። እዚ ኸኣ ክባዊ ዑደት ናይ ምህሮ ብግቡእ ኣዘውቲርናዮዶ ኣየዘውተርናዮን እዩ መምዘኒኡ።

ዓንኬል ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ኣብ ደረጃ ሕቶ፡ ክልሰ ሓሳብ፡ ፈተነ ወይ ትግባረ ደው ክትብል ትኽእል እያ። ዓንኬል ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን ደው ትብል ግን ምሕታት ምስ ኣቋረጽካን ምፍታን ምስ ተሓለልካን እያ። ኣብ ህይወትካ ናይ ዘይቅየር ሓቅታት (facts) ኣናዳዩ ምዃን ብዙሕ ፈሊጡ ውሑድ ዝመሃር ይገብረካ። ፍልጠትን ተምኩሮን ከባቢኡ ነጺጉ "ኣነ ጥራይ ፍልጠትን ተመኩሮን ክህበኩም፡" ዝብል ውልቀ-ሰብ ከኣ ንማሕበራዊ ዝምድናን ስራሕን ተመራጺ ሰብ ኣይከውንን። ቻርለስ ሃንዲ ኣብ'ዛ "ዘ ኣጅ ኦፍ ኣን ሪዝን" ትብል መጽሓፍ ብዛዕባ ሓደ ዝና ዝነበሮ ፕሮፌሰር ኣዕሊሉና ኣሎ። እቲ ፕሮፌሰር ብፍልጠቱ፡ ብልሑ፡ ካብቶም ኣለዉ ዝባሃሉ እዩ። ነቲ ፕሮፌሰር ኣብ'ታ ቻርለስ ሃንዲ ዝምህረላ ዝነበረ ዓባይ ዩኒቨርስቲ ከም መምህር ንምቑጻሩ ግን ኩሎም ፕሮፌሰራት ዕቃበታት ነይሩዎም። ስለምንታይ? ሓደ ፕሮፌሰር ከምዚ ብምባል እንቲጉዋ "ርቻርድ ውርዙይ ምጥርጣር "decent doubt" የብሉን፡" ኢሉ ስክፍትኡ ገሊጹ። ኣብ ኩሎም ንፕሮፌሰር ስራሕ ንምቑጻሩ ኮፍ ኢሎም ዝዛተዩ ዝነበሩ ፕሮፌሰራት ስክፍታ'ውን ብርግጽ ንሱ'ዩ ነይሩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፤ እቲ ፕሮፌሰር ክምልስ እንተ ዘይኮይኑ ሕቶ ሓቲቱ ካብ ካልኦት ክመሃር ዝፍትን ሰብ ዘይምዃኑ'ዩ ጸገሙ ዝነበረ። ንኑብሱ ክቐይራ ኣይጽዕርን ማለት'ዩ። ንፕሮፌሰር "ርግጸኛ" ምዃን ኣመና ኣዕብዩን ኣኽቢሩን ዝሕዞ ነገር'ዩ። ጌግኡን ፍሽለቱን ንምውሓድ ካብ ከባቢኡ ምምሃር ሚዛን ኣይሃቦምን። በዚ ምኽንያት ከኣ መሳርሕቱ 'ውርዙይ ምጥርጣር የብሉን' ኢሎም ንስራሕ ኣይመረጽዎን። ቻርለስ ሃንዲ፡ ነቲ ተኽእሎ ፍሽለት፡ ድሩትነት ፍልጠት ከም ዘለካ ኣሚንካ ካብ ከባቢኻ ተመኩሮ ክትቀስም ተንጸባርቐ ባህሪ "ውርዙይ ምጥርጣር" ኢልዎ ዘሎ። ኣብ እዋን ንእስነት ንዓወትን ኣብርኾቶ ሕብረተ-ሰብን ኣብ ንጓዓዘሉ እዋን ብርግጽነት ዓወትና ምእማን መሰረታዊ ረቛሒ'ዩ። ይኹን'ምበር መልሲ ሕቶና ወይ ተኸቲልናዮ ዘለና መገዲ፡ ርእይቶን ሓሳብን ካልኦት ዘየድልዮ ጌርና ክንርእዮ የብልናን። ብሕታዊ ይኹን መንግስታዊ ትካላት'ውን ዓበይትን ብቐዓትን ዘህልወን ካብ ጌጋን ፍሽለትን ዝተቐሰመ ተመኩሮ ምስ ዝሃንጻን እዩ።

መንኮርኮር ምህሮ ናህራ ክትዕቅብ ከቢድ እዩ። ንዓወት ብሂግና ምስ ተበገስና ነብስና፡ ስድራና ወይ ንሰርሓሉ ትካል ዝጠቅም ሽቶ ክንሰርሕ ከለና ንቐስሞ ተመኩሮ ዓቢ እዩ። ኣብ ጉዕዞ ምህሮን ለውጥን ህይወትካ "ንሶም" ወይ "እቲኦም" ትብሎም ኣይሃልዉኻ። እንተሃለውኻ'ውን ንስኻ ክትገብሮ ትኽእል ምስ ገበርካ ይኹን። ብኻልእ ኣበሃህላ ነብስኻ ምልዋጥ ኣብ ነብስኻ ብምእማን'ዩ ዝጅምር። ኣብ ትሰርሓሉ ትካል ወይ ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ተቐርቦ ርእይቶ፡ ትወስዶ ተበግሶ ብመዛኑኻ፡ "መን ኴንካ ኢኻ" ዘብል ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ፈሪህካ ኣብ ሞያኻ፡ ስራሕካን ትነብረሉ ከባቢን ሓሳባት ብዘይ ምፍሳስካ ማሕበራዊ ዝምድናኻ "ጽቡቕ" ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግን ብዋጋ ምህሮን መቐይሮን ናትካ ከይከውን ብዕቱብ ምርኣዩ የገድስካ።

ምህሮን ለውጥን ንጽሩን ርጉጹን ኣይኮነን። ጥርጣረን ጌጋን ግን ካብ ለውጢ ክዓግተና የብሉን። ምኽንያቱ ምንጪ ምህሮናን ዕብየትናን'ውን ንሳቶም እዮም። ዕዉታት ኣካየድቲ ንግዳዊ ዋኒን፡ ካብ ዓሰርተ ፈተነ እቲ ትሽዓተ ፍሽለት ምዃኑ እዮም ዝገልጹ። ነዳዲ ዝኾዕታ ኩባንያታት'ውን፡ ካብ ዓሰርተ ዒላ ኣብ ሓንቲ ጥራይ ከም ዝዕወቱ እቲ ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤስያ ከም ኣካያዲ ዓቢ ንግዳዊ ኮርፐረሽን ኰይኑ ዝሰርሐ ቻርለስ ሃንዲ ይገልጽ። ስለ'ዚ'ዩ ኸኣ ምግጋይ ኣካል ዝተሰርሐ ቅኑዕ ገይርና ክንርድኦ ኣለና ዝብል መደምደምታ ዝበጽሐ።

ብኻልእ ኣበሃህላ ብጌጋኻ ወይ ፍሽለትካ ከይተዋሓጥካ ንቕድሚት ምምራሽ ሓደ መርኣያ ብቕዓት ቀጻሊ ምህሮ ከተዋህልል ምኽኣል'ዩ። እዚ ማለት ንዘጋጥሙኻ ጉድለትን ሕንጊድ ዝኾነ ባህሪ ሰባትን ብኻልእ መልክዕ ደጊምካ ክትርእዮ ኣለካ። ባህሪ ስራሕካ፡ ንውሓት ግዜ ስራሕካ፡ ዝፈጥረልካ ብድሆ ዳግመ ግምት ምግባር፡ ንሕቶኻ ብደሆኻን ናብ ራህዋ ክትቅይሮ የኽእለካ። ኣብ ስራሕ ንገብሮም ጌጋታትን ንፈጥሮም ፍሽለታትን ትካላት ኣብ ውልቀ-ማህደር ሰራሕተኛ ምሓዝ ልምዲ ናይ ኩለን ትካላት'ዩ። ሎሚ-ሎሚ ግን ጌጋ ንምፍርራሕ ሰራሕተኛ ዘይኮነ፡ ንተመኩሮ ካልኦት ዘለዎ ኣገዳስነት ተኣሚኑሉ፡ ጌጋ ሰራሕተኛ ከም ጸጋ ናይ ትካላት ብምሕሳብ "ዩኒቨርስቲ ጌጋ" ይብሃል ኣሎ። ከም ሓቂ ጉድለታትካ ወይ ፍሽለታትካ ከም መዐየሪ ክብሪ ዘይርአ ኣይኮነን። የግዳስ ጉደልትካ ከይፍለጥን ከይትፈሽልን ፈሪሕካ፡ ካብ ስራሕ ክትሕየብ ዘለናዮ መዋእል ዘፍቕድ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ከም መንእሰያት ንነብስና ኣብ 'ዓንኬል ምሉእ ዑደት ምህሮን ቀጻሊ ለውጥን' ኣእቲና ብቐጻሊ ክንማህርን ክንማሓየሽን ኣለና። ድሕሪ ኮለጅ ወይ ሞያዊ ስልጠና፡ ክእለትናን ፍልጠትናን ንምምዕባሉን ንምዕማቑን ኣብ ግብራዊ ስራሕ ነብስና ዘይንፍትናን ዘይነበርክተሉን እንተ ኾይና ደውታ ቀጻሊ ምሁሮን ዕብየትን ከጋጥመና እዩ። እዚ ኸኣ ከም ውልቀ-ሰባት ዘየርብሓናን ሃሳይናን ስለ ዝኾነ ነብስና ምምዕባል ከም ዓቢ ዕዮ ክንሕዞ ይግበኣና።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ለተኺዳን ክፍለ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ነፍ መጃ ክብሮም 1 ወ/ሮ ወይኒ መጃ +6 ዝተፈጥረ ናይ ውርሻ ክርክር፡ ዘክራኽር ዘሎ ገዛ ብሓራጅ ክሽየጥ 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣዚዙ። እዚ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ማይተመናይ ጎደና 146.60 ሰፍሓት 243 ቢ. ት/ም ዝተደኮነ ኣባይቲ፡ 3 ክፍሊ ገዛ ምስ ካንቸሎ ብመወከሲ ንብረት ቁ.00015624 ዚፕ ኤ 152 ፕሎት 21 ፓርስል ኤፍ ዝፍለጥ ገዛ መጠኒ ዋጋኡ 206.330.86 ናቕፋ (ክልተ ሚእትን ሽዱሽተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ሳላሳን ናቕፋ 86%) ተገሚቱ። ስለዚ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ብሽም ፈጻሚ ፍርዲ C.P.O ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ኣስራብ ወይ ተጠራቓሚ ሕሳብ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል ሓዙ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብፈደልን ኣሃዝን ብፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍ ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ።

ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/65 ቀሪቡ ይወከስ። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣይቋረጽን።

ቦታ ጨረታ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ.27
ዕለት ጨረታ 22/11/2022
ሰዓት ጨረታ 3፡00-4፡00 ድ/ቀ
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ብሽም ወረስቲ ነ/ሄር የውሃንስ ንገሱ፡ ወ/ሮ ኣስገደት ተስፋእንድርያስ ኣድጎይ ምስ 6 ደቆም ብዋዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ቁምስክር ወረቐት 110056 መወከሲ ቁ.131360/131361 ተመዝጊቡ ዝርከብ ኣብ ዞባ 7 ምም/15 ጎደና ሰ ቁ.17 ዝርከብ ገዛና ካብ ኣውራሲ ናብ ወረስቲ ከመሓላልፍ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሓዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀረቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ክፈጽም ምኳንና ንሕብር።

መም/ቴድሮስ የውሃንስ ንገሰ

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማይተመናይ ኣብ ብእንዳጥንዳ ዝፍለጥ ኣብ ቤ/ጽ/ ካዳስተር ብቁምስክር ወረቐት 1፡005251 ብስመይ ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ገዛ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴለፎን 07248401 ወይ 07343056 ክሕብረኒ፡ እንተዘይሓቲዩ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ ይሕብር።

ኣቶ ዘሙይ ፍቓዱ መርሃጽዮን

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ-ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ሚልየን ኣፈወርቂ ሃይለሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ንገሰ ኣብርሃ መሓሪ - ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን29/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ 1 ምጽዋዕ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ርእሶም ሓጎሰን ተኸሳሲ ኣቶ ኪዳን ጎይትኦም ተኽለን ዘሎ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ መጸዋዕታ ተሰዲዱሉ ክርከብ ስለዘይከኣለ፡ ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን8/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጥ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ቮረሰካ ሃይለስላሴ ዕቑባንኪኤ፡ ወላዲያይ ኣቶ ሃይለስላሴ ዑቕባንኪኤ ተኽለጨን ካብ ገዛና ከረን ከባቢ 02 ኣብ 2000 ዓ/ም ምስ ወጽአ ስለዘይተመልሰ፡ ርእየዮ ዝብል ወይ ሃለዋቱ ዝፈልጥ እንተተረኺበ ጸብጻቡ እንተዘይሃባ ብቤ/ፍርዲ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ውሳኔ ክወሃበና ስለዝበልና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ተሰነይ

ወ/ሮ ሰናይት ሊጣበይ ፍሩጅ፡ ስመይ ሰናይት ሊጣበይ ፍሩጅ ምግሊ ተረፉ፡ ኣፍራሕ ልባብ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምልክታ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዞን 02 ፕሎት 26 ፓርሰል ፒ ናይ ዝርከብ ብሽም ኣቦይ ኣቶ ተስፉገርግሽ ዘውደ ዝተዋህበ ውዕል ክራይ መሬት (ሊዝ) ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴለፎን 07486346 ክሕብረኒ፡ እንተዘይሓቲዩ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ ይሕብር።

ሰናይት ተስፉገርግሽ

## ምስጋና



ብድንገተኛ ሞት እፍቅርን እንፈትዎን ወድና ኢንጅነር ሳሙኤል ኣስመላሽ መብራህቱ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ሃገር ኣሜሪካ ስዩትል ስነስርዓት ፍትሓትን ሬሳን ኣብ ምፍናውን ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ዓድታት ናይ ሓዘን ስነስርዓት ዝተሓባበርኩም ኢምባሲ ማሕበረ ኮም ኤርትራን ማሕበር ደቂ ዋራን ኣዕርኽቱን መተዓብይቱን ኣሕዋትን ቤተሰብን፡ ኣብ ኣስመራ ሬሳ ኣብ ምቕባል ዝተሓባበርኩምናን ብኣባላት ሳም ፍራቸስኮ ዝተገበረሉ ፍትሓትን ኣብ ንኢስ ዞባ ዓዲ ተኪሌዛን ኣብ ዋራ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴለፎን ብኢ-መይልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ኣቦኡ ተጋዳላይ ኣስመላሽ መብራህቱ
ኣደኡ ሚጀር ጺጋ ኣስመላሽ
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ሳራ ሃማርያም ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ቴድሮስ ተማስገን ዝተፈጠረ ክርክር፡ ኮ/ቤ/ፍርዲ 4 ኣስመራ ብሽም ኤልሳ ተኽለማርያም ሓጎስ ትፍለጥ መኪና ቶዮታ ኮሮላ ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ቁ/ሰሌዳ ኢ-ኣር-1-C-2313 ዝኾነት መጠነ ዋጋ ሓራጅ 95,000.00 (ቴስዓን ሓሙሽተን ሽሕ) ናቕፋ ኮይኑ፡ ኣብዛ ዝተጠቕሰት መኪና ንዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ናይቲ ንመወዳደሪ ዝረቐሐ መጠን ገንዘብ ብጽሑፍን ብኣሃዝን ብምድላው ብዕሹግ ሰታሪት ቅድሚ ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ላ/ቤ/ፍ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 ናይዚ መጠነ ዋጋ ብሽም ፈ/ፍርዲ ሲ.ፒ.ኦ ኣስራሑ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ 15/11/2022
ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁጽሪ 27
ሰዓት ሓራጅ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላ/ቤ/ፍ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል። እዚ ሓራጅ ዝቃወም ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍሪዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ሸጉርቲ፡ ድንሽ፡ ቀመም ዘለዎ በርበረ፡ ጨው'ን ስጋን
ዓዳጊ፦ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ
ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ንዓመተ ትምህርቲ 2023/2024 ካብ ወርሒ.12/2023 ንተማሃሮ ኣሕዳርቲ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሪት ስለዝደለየ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።
1. ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ሸጉርቲ፡ ድንሽ፡ ቀመም ዘለዎ በርበረ፡ ጨው'ን ስጋ) ብዕሹግ ደብዳቤ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ክፉት እዩ።
3 ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2020 ዝተሓደሰ ሊቸንሳ ዋኒንን ናይ 2021 ክሊራንስ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ኣሃዱ ምምሕዳርን ፋይናንስ ቁጽሪ ቴሌፎን 661110 ወይ 660342 ብምድዋል ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ሰነድ ጨረታ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ብዕለት 5/11/2022 ቅድሚ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ክረኽቡ ይክእሉ። ካብቲ ተጠቒሱ ዘሎ ግዜ ምስ ዝድንጉይ ተቐባልነት የብሉን።
7. ብዕለት 5/11/2022 ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ/ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
8. ጨረታ መኽበሪ 100.000.00 ሕጋዊ ቸክ ወይ ሰነድ ናይ ባንክ ክስ ኣለዎ።
9. ጨረታ ብመምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስቲ ብዘእዝዞ መሰረት ይፍጸም።
10. ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ
ዓሰብ
ቁጽሪ ፖስታ 248
ቴሌፎን 661110/660342

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ የርሳሌም በየን ተወልደ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ሰላም በየን ተወልደ ብዝተፈጠረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ንብረተን ዝኾነ ገዛ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ባረንቱ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ከተማ ባረንቱ፡ ዞባ ፍትሐ ዞን 04፡ ብሎክ 62 ፓርሰል E ንኣቶ ኣሌክሳንደር ሀ/ሕር ንመንበሪ ዝተመርሐ ናብ ሰብ ጉዳይ ብዕድጊ (መሸጣ) ዝተሸጠ ኣብ 375 ት/ሜ ዝተደኮነ ኮይኑ፡ 5 (ሓሙሽተ) ቀንዲ ክፍልን (2) ክልተ ተሓጋጋዚትን ምስ ካሽልኡ ዘጠቓለለ ኣብ (ፊት ናጽነት ሆቴል ጥቓ እንዳ ኣውቶብስ ዝርከብ ገዛ) ብሓራጅ ተሸይጡ በዘጺሒተን ይወሰዳ ኢሉ ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ብክኢላ መጠኒ ዋጋ 346,160.05 (ሰለስተ ሚእትን ኣርባዕን ሽዱሽተን ሽሕን ሓደ ሚእትን ሱሳን 05%) ናቕፋ ተገሚቱ ስለዘሎ፡ ክውዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብሽም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ ሲ.ፒ.ኦ ብምስራሕ ወይ በካ ሕሳብ ሓዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል።
ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5 ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘሎ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።


ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 ብምቕራብ ክውከስ ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ 15/11/2022 ዓ/ም
ሰዓት ሓራጅ 3፡00-400 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ኢንዶኔዥያ፡ ህልቂት ዘጋጠመሉ ስታድዩም ክተዕኑዎ ወሲና



ፕረዚደንት ኢንዶኔዥያ ጆኮ ዊዶዶ፡ መንግስቱ ኣብዚ ወርሒ'ዚ 133 ሰባት ብጽቕጥቕጥ ዝሞቱሉ ስታድዩም ክሉዎ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ ሰሉስ ንሓላፊ ፊፋ - ጂያኒ ኢንፋንቲኖ ኣብ ከተማ ጃካርታ ተቐቢሉ ድሕሪ ምዝርራብ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መንግስቲ ኢንዶኔዥያ ኣብ ከተማ ማላንግ ተደኲኑ ዝርከብ ስታድዩም ኣብ ቀረባ ግዜ ብምዕናው፡ ንመለክዒታት ፊፋ ብዝማልእ ኣገባብ ዳግማይ ክሃንጾ ምዃኑ ገሊጹ።

ከም ዝፍለጥ፡ ኣረና ዝተባህለት ክሉብ ኩዑሶእግሪ ዝሓለፈ ባሕቲ ጥቅምቲ ኣብዚ ባዕላ ዘሰርሓቶ ሜዳ ኣንጻር'ታ ታሪኻዊት መቀናቕንታ ዝኾነት ፐርሰባያ ዝተባህለት ክሉብ ገጢማ 2 ብ 3 ድሕሪ ምስዓራ'ዩ ኣብ መንጎ ደገፍቲ ክልቲኤን ክለባት ህውከት ተላዒሉ።

ድሕሪ'ቲ ህውከት፡ ኣብቲ ስታድዩም ዝነበሩ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ደገፍቲ ህይወቶም ንምድሓን ህዱድ እናበሉ ናብቲ መውጽኢ ኣፍ-ደገ ኣብ ዝምርሕሉ እዋን ከኣ ኣብ መንጎኦም ብዝተፈጥረ ጽቕጥቕጥ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ግዱ ሞትን መጉዳእትን ኩይኖም።

ብመንግስቲ ኢንዶኔዥያ ተመዚዛ ዘላ ፍጻሜ ክትምርምር ዝጀመረት መርማሪት ጉጅለ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝዘርገሓቶ ደምዳሚ ጸብጻብ፡ እቲ ህይወት ብዙሓት ሰባት ዝቐዘፈ ሓደጋ ክኽሰት ዝኸኣለ፡ ፖሊስ ናብቶም ዘጋርጸሩ ዝነበሩ ደገፍቲ ዘንበዐ ጋዝ ድሕሪ ምትኳሱን ኣብ መውጽኢ ኣፍ-ደገታት ናይቲ ስታድዩም ክፀጽዎ ድሕሪ ምፍታኑን ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ።

እዚ ኣብ ኢንዶኔዥያ ዘጋጠመ ኣሰቃቒ ሓደጋ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ታሪኽ ስፖርታዊ ፍጻሜታት ዓለምና ዝተራእዩ ዘሰካሕክሑ ሓደጋታት ኩይኑ ተሰኒዱ ከምዘሎ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## "ናይ ቢልዮናት ዶላር ልቓሕ የድልየና ኣሎ"
### ቀ/ሚኒስተር ፓኪስታን



ፓኪስታን ብዘጋጠማ ሓደጋ ዕልቕልቕ ንዘዕነወ ትሕተ-ቅርጺ ዳግማይ ንምህናጽ ናይ ቢልዮናት ዶላር ልቓሕ ከምዘድልያ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ሸህባዝ ሸሪፍ ሓቢሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሸሪፍ፡ ዝሓለፈ ማስከረም ኣብታ ሃገር ዘጋጠመ ብርቱዕ ዕልቕልቕ፡ ንሓያሎ ትሕተ-ቅርጺ ናይታ ሃገር ከምዝዕነወ ብምግላጽ፡ እታ ሃገር ዳግም ጽርግያ፡ ድልድላት፡ ኣባይቲን ካልእ ትሕተ-ቅርጽን ንምህናጽ ዝውዕል ብዙሕ ወጻኢታት ከምዘድልያ ገሊጹ።

እዚ ወጻኢታት ብውሽጣዊ ዓቕሚ ክሽፈን ስለዘይከኣል፡ "ንለገስቲ ሃገራትን ውድባትን ናይ ልቓሕ ሕቶ ከቕርብ ኢና" ኢሉ።

ይኹን እምበር፡ ንሱ ኣብቲ ምስ ጋዜጣ ፋይናንሻል ኒውስ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት፡ መጠን ናይቲ ሃገሩ እተናድዮ ዘላ ልቓሕ ብልክዕ ክንደይ ምዃኑ ኣየነጸረን።

ዝሓለፈ ክረምቲ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ፓኪስታን ዝተኸስተ ብርቱዕ ዕልቕልቕ ህይወት ልዕሊ 1700 ሰባት ከጥፍእ እንከሎ፡ ኣብ ትሕተ ቅርጺ'ታ ሃገር ናይ ዘውረዶ ዕንወት ድማ ኣስታት 30 ቢልዮን ዶላር እዩ ዝግመት።

ኣብ ፓኪስታን፡ ማይ ወሊድ ሕሞማት እናሰፋሕፈሐ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንግዳያት ዕልቕልቕ ናይ ልዕሊ 800 ሚልዮን ዶላር ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዝት ክልገስ ምሕጽንታ ከምዘቕረበ ይፍለጥ።

## ኣውስትራልያ መርገጺኣ ኣብ ጉዳይ እየሩሳሌም ሰሪዛ

ኣውስትራልያ፡ ንእየሩሳሌም ከም ዋና ከተማ እስራኤል ኣፍልጦ ሂባ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ መርገጺኣ ኣብቲ ጉዳይ ክትሰርዞ ከምዝወሰነት ብወግዒ ኣፍሊጣ።

ብማሰረት መንግስቲ ኣውስትራልያ ዝዘርገሖ መግለጺ፡ ካንቤራ ኣብ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ዝሓዘቶ መርገጺ ክትሰርዝ ዝተገደደትሉ ምኽንያት፡ እቲ መርገጺ፡ ንመስርሕ ሰላም ናይቲ ዞባ ዘዳሕምዝን እታ ሃገር ምስ ካልኦት ሃገራት ዝለዋ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ብኣሉታ ዝጸሉን ስለዝኾነ እዩ፡ ኤምባሲኣ ካብ ተልኣቪቭ ከምዘይግዕዝ ድማ ኣፍሊጣ።

ይኹን እምበር ሕጂ'ውን ኣውስትራልያ ምስ እስራኤል ከምዘለዋ ዝገለጸቶ ጥቡቕ ዝምድና ከምእትደፍኣሉ እያ ትገልጽ።

ኣውስትራልያ ኣብ ጉዳይ እየሩሳሌም መርገጺኣ ምስራዛ፡ ንእስራኤል ከምዘየሐጎሰ ምንጪታት ዜና ይሕብሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ያየር ላፒድ፡ ንውሳነ ኣውስትራልያ 'ህዉኽ ስጉምቲ' ክብል ድሕሪ ምግላጽ፡ "እየሩሳሌም ናይ ዘልኣለም ዋና ከተማ እስራኤል እያ። እዚ ሓቂ ዝቕይሮ ዝኾነ ኣካል የለን" ኢሉ።

ኣብ 2017፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ንከተማ እየሩሳሌም ከም ዋና ከተማ እስራኤል ኣፍልጦ ብምሃብ፡ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ሃገሩ ካብ ከተማ ተልኣቪቭ ናብ እየሩሳሌም ከምዘግዓዘ ይዝከር።

ጉዳይ እየሩሳሌም ንእስራኤላውያንን ፍልስጤማውያንን ካብ ዘጋጩ ነጥብታት ሓደ ምዃኑ ይጥቀስ።

መንግስቲ እስራኤል፡ ዋና ከተማ'ታ ሃገር ካብ ተልኣቪቭ ናብ እየሩሳሌም ንምግዓዝ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን፡ ፍልስጤማውያን ብወገኖም ኣብ 1967 ኣብ ዝተወለዐ ውግእ፡ ብእስራኤል ዝተጎበጠ ምብራቓዊ ክፋል እየሩሳሌም ናይ መጻኢ ዋና ከተማኦም ከምእትኸውን እየም ዘፍልጡ።





## ሰሜን ኮርያ፡ ቦምባታት ከቢድ ብረት ተኩሳ

ሰሜን ኮርያ ኣብ ምብራቓውን ምዕራባዊን ማያዊ ክፋል፡ 250 ቦምባታት ከቢድ ብረት ከምዝተኮሰት ተሓቢሩ።

ሰሜን ኮርያ ነቲ ስጉምቲ ዝወሰደት፡ ጎረቤታ ደቡብ ኮርያ ተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ልምምድ ካልኣይ መዓልቱ ኣብ ዝሓዘሉ እዋን'ዩ።

ጥምረት ወተሃደራዊ ስታፍ ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝዘርገሖ መግለጺ፡ ሰሜን ኮርያ ብረቡዕ ንግሆ ኣብ ምብራቓዊ ገማግም 150፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ድማ 100፡ ቦምባታት ከቢድ ብረት ከምዝተኮሰትን ብምልኡ ኣብ ናይ ጸጥታ ዞባ ከምዝወደቐን ሓቢሩ።

በቲ ደብዳብ ኣብ ሰብ ይኹን ንብረት ዝወረደ ጉድኣት እኳ እንተዘየለ፡ እቲ ተግባራት ንስምምዕ ርግኣትን ናይ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ከምዝኾነ ዝጠቅስ መግለጺ ናይቲ ወተሃደራዊ ጥምረት፡ ሰሜን ኮርያ ብኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ክትቕጻዕ ጸዊዑ።

ሰሜን ኮርያ ኣብቲ ናይ ጸጥታ ዞባ ተባሂሉ ዝፍለጥ ንኽልቲኤን ኮርያታት ዘራኽብ ቦታታት ደብዳብ ከቢድ ብረት ከተካይድ ምስኣ ናይ ሎሚ ንመበል ካልኣይ ግዜኣ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን መቐናቕንቲ ሃገራት ወጥሪ ኣየቢሉ ምህላዉ ይጥቀስ።

ሰሜን ኮርያ ኣብዚ ዓመት'ዚ ጥራይ 26 ግዜ ንፈተነ ሚሳይል ከምዝተኮሰት ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ እዚ ድማ ካብ ናይ ዝኾነት ዓመት ንላዕሊ ምዃኑ የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ካተድራል | 20/10/2022 | ጎደና ደጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማዮ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services